# ሓደ ወላዲ ምስ ዝሓምም

## ምኽሪ ንወለድን ንኻልኦት ዓበይትን



ናይ ሓደ ወላዲ ሕማም፡ ንብምልኡ ስድራ ብስምዒትን ብግብርን ብክልቲኡ ይጸልዎ። ቆልዑ ንከበድቲ ተመኩሮታት እውን ናይ ምእላይ ብልሓት ኣለዎም። ብዙሕ ግዜ ንኩነታት ከምዘለዎ ናይ ምቅባል ክእለት ኣለዎም። ኣብ ግዜ ሕማም ንቆልዑ ኣብ'ቲ ዘጋጥም ተኻፈልቲ ንኽኾኑ እንተ ኣፍቂድናሎም፡ ነቲ ኩነታት ተረዲኦም ንክኣልይዎ ነቃልለሎም።

## እቲ ቆልዓ እንታይ ክፈልጥ የድልዮ፧

ሰብ ኣብ ቀደምእዋን፡ ዓበይቲ፡ ንቆልዑ ከበድቲ ነገራት ክሓብእሎም ኣለዎም ዝብል ኣተሓሳስባ ነይርዎም፣ ኣብ'ዚ ሕጂ ግዜ ግን ንከበድቲ ነገራት መሊሶም ከምዘኽብድዎም ፈሊጥና ኣሎና። ቆልዑ ገለ ዘይንቡር ነገር ምስ ዝህሉ ኣብ ዓበይቲ ይርእይዎ እዮም፣ ሓበረታ እንተዘይረኪቦምድማ፡ ካብ ናቶም ኣረኣእያ ተበጊሶም ናይ ገዛእ ርእሶም መግለጺ ይፈጥሩን ሻቕለቶም ኣብ ውሽጦም ንበይኖም ይጸርዎን።

ከምወላዲ ንወላድካ ብዝበለጸ ስለ እትፈልጦ፡ ንወላድካ ብዝሰማማዕ መንገዲ ክትነግሮ ትኽእል። ዕድመ ብዘየገድስ ኩሎም ቆልዑ፡ እቲ ሕማም እንታይ ከምዝኾነ፣ ንምፍዋሱ እንታይ ይግበር ከምዘሎ፣ እቲ ቆልዓ ብምንታይ ክሕግዝ ከምዝኽእል፣ ኣብ ቀረባ ግዜ እንታይ ከምዝፍጸምን፣ ኣብ ናይ እቲ ቆልዓ መዓልታዊ መነባብሮ'ውን ምፍላጥ የድልዮም።

ሓይሊ ኣብ ዝረከብካሉ ግዜ እንተ ተካኢሉ ምስ'ቲ ጥዑይ ወላዲ ኮንካ ነቲ ቆልዓ ኣዘራርቦ። ሓይሊ እንተ ስኢንካ፡ ነቲ ጠዑይ ወላዲ ወይ ንካልእ እቲ ቆልዓ ዝኣምኖ ዓቢ ሰብ ንክሕግዙካ ሕተት።

ነቲ መዓልታዊ ልሙድ እትገብሮ ንምዕቃቡ ጸዐር። እቲ መዓልታዊ ልሙድ ነገራት ምቅጻሉ፡ ነቲ ቆልዓ ከምትሓልየሉ የርእዮን ውሕስነት ይህቦን። ቆልዑ ወለዲ፡ ከምወለዲ ኮይኖም ክነብርሎም እዮም ዝደልዩ። ነቲ ናይ ቆልዓ ንቡር ህይወት ግዜ የድልዮ፡ ሙብዛሕትኡ ግዜ ርክብ ምስ የዕሩኽ ጽቡቕ ሓገዝ እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ ንሰራሕተኛታት ቤት ትምህርትን ሓልዮት ቆልዑን ምሕባሮም ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ።



## መምስ ዕድሚኡ ዝሰማማዕ ሓበሬታ

ኣብ ኩሉ ዕድመ ዘለዉ ቆልዑን መንእሰያትን መምስ ዕድሚኦም ዝሰማማዕ ሓበሬታ ክረኽቡ የድልዮም። እዚ ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ንኽርድእዎን ንክስተንትንዎን ንኽክእሉ። እቲ ቆልዓ ሕቶታት ንክሓትት ኣተባብዕዮ።

ኣብናይ መዋእለ ህጻናት ዕድመ፡ ካብ 2-6 ዕድመ ዘርከቡ ቆልዑ ኣብ ህሉው ግዜ እዮም ዝነብሩ (ብዛዕባ ዝሓለፈን መጻእን ግዜ ኣይርድኦምን እዩ)፡ ከሉ ነገር ድማ ንዐኦም ጥራይ ዝምልከት ገይሮም ስለ ዝርእይዎ፡ እቲ ሕማም ወን ከም ናቶም ጌጋ ወይ ብሰንኮም ዝመጸ ክመስሎም ይኽእል እዩ። ካብ ናይ ኣቦ ወይ ኣደ ሕማም ንላዕሊ፡ እቲ መዓልታዊ ዝለመድዎ ነገራት ክልወጥ ከሎ ብዝያዳ ከፍርሖም ይኽእል እዩ። እንታይ ከም ዘጋጠመን ከጋጥም ከም ዝኾነን፡ ብቀሊልን ኪርዳእ ዝኽእል መንገድን ንገሮም።

ካብ 7-12 ዕድመ ኣብ ብዛዕባ እቲ ሞት ከወንነት እየም ብዝያዳ ዝግደሱ። ንዐኦም ቁሩብ ብዝያዳ ክትገልጸሎምን ብሓባር ጭቡጥ ሓብሬታ ክትደሊ ትክእልን። ንስምዒቶም ብቃላት ክገልጽዎም ክብርትዖም ይክእል እዩ፡ ብዛዕባ ዝሓስብዎ ንዘቀርበሎም ሕቶ ግን ክምልሱ ይክእሉ እዮም። ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ፡ ብዛዕባ ኣብ ሂወትና ከጓንፉና ዝክእሉ ሓደጋታት ክነቕሑ ይጅምሩ። በዚ ምክንያት እዚ፡ ዋላ'ውን ሓደ ወላዲ ብብርቱዕ እንተሓመመ፡ ካልኦት ዓበይቲ መቕርብ ወይ እቲ ቆልዓ ከምኡ ዓይነት ሕማም ንከጓንፎ ኣዚዩ ዘይንቡር ምዃኑ ክትገልጸሉ ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ።

መንእሰያትን ኣባጽሕን ምስእ ትርጉም ናይ ብርቱዕ ምሕማም ሳዕቤኑን ይርድኦም እዩ። ብዛዕባ እቲ ሕማምን ኣፋውስኡን ሓብሮም። ንመንእሰያት ክብሮም (ብሕትነቶም) ኣኽብረሎም። እቲ መንእሰይ ምስ ስድርኡ ጥቡቕ ምትእስሳር ክህልዎ ወይ ንነብሱ ካብ ስድርኡ ክግልላ ክመርጽ ይክእል እዩ። እቲ/ታ መንእሰይ ድልየት እንተለዎን/ዋን፡ መዓስን ናብ ሕክምና ኣሰኒዩካ ክኸይድ ከም ዝደልን ባዕሉ/ላ ክውስን/ክትውስን ግደፎ/ፉ።

ናይ ወላዲ ብርቱዕ ሕማም፡ ንነብስካ ምክኣል ከበራትዖ ይክእል እዩ። ብዙሓት መንእሰያትን ኣባጽሕን፡ ብድሕሪ ከቢድ ሓበሬታ ወይ ኣብ እዋን ከቢድ ሕማም ብዛዕባ ዝወሃብ ግብረ መልሲ ብዙሕ ዝፈልጥዎ የብሎምን። እቲ ንቡር ከመይ ምዃኑ ዘይፈልጥ ሰብ፣ ነቲ ናቱ ግብረ መልሲ ከም ስግንጢርን ዘይልመድን ገይሩ ክትርጉሞ ይክእል እዩ። ነቶም ካብ ገዛ ወጺኦም ነብሶም ዝኸኣሉ መንእሰያት ዘክር።



## ብዝያዳ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ

ዝያዳ ሓበሬታ፣ ፊልም፣ ምኽርን ምዕዶን፡ ኣብ ናይ'ዚ ኣውራጃን ዞባታትን ናይ ሓባር ድሕረ-ገጽ 1177.se ትረክብ።

ከም'ውን ኣብ ናይ ካንሰርፎንደን ድሕረ-ገጽ cancerfonden.
"ንቆልዑ እንታይ እየ ዝብሎም" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ጽቡቕ ሓበሬታ ኣሎ፡ ኣብኡ ርአ

እዚ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣውራጃ ኦስተርዮትላንድ ኣብ ክንክን መንሽሮ ብዝሰርሑ ኣማኸርትን ናይ ስራሕ ጉጅለታትን ዝተዳለወ እዩ።

Landstinget i Östergötland, Informationscentrum, november 2012